ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ جمعية الإغاثة والتنمية الإرترية

Eritrean Relief and Development Association

# ናብ ዝምልከቶም ኩሎም!

## ሓድሽ ፕሮጀክት ሚሻኤ 2020 (ERDA)!!!

ናብ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣብ መላእ ዓለም እትርከቡ ኣባላትን ፈተውትን ደገፍትን ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ ብሓበራ።

ክቡራትን ክቡራንን ኣሓትን ኣሕዋትን ብመጀመርታን ቅድሚኩሉን ኣብ ዘለኹሞ ናይ ስደት መናባብሮ ጥዕና ኹምተሓልዩ ብሰላምክትህልዉካብ መላእ ስደተኛታት ኣሓትኩምን ኣሕዋትኩምን ኤርትራውያን ክቡር ልባዊ ሰላምታን ምስጋናን ብመንገዲ ማሕበርኩም ማሕበር ህዝቢ ዝኾነት!! ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ፡ ሚሻኤ (ERDA) ከነ ማሓላልፈልኩምንፈቱ።

ብምቕጻል ሚሻኤ (ERDA ካብ ህዝቢ፡ ብህዝቢ፡ ናብ ህዝቢ፡ ዝብል ሰናይ ተበግሶ ጩፊሓ ክትብገስ ከላ ብጀካ ብሩህ ራእን፡ ቅኑዕ ማምርሕን ቆራጽ ተበግሶን ካልእ ትውንኖ ሃብትን ካፒታልን ኣይነበራን።

በንጻሩ ኣብ ቅድሚኣ ከጋጥምዋ ዝኽእሉ ሓያሎ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ተጻብኦታትን ብድሆታትን ኣብ ዓቢ ግምት የእትያ እያ ተበጊሳ። ከምቲ ዝገመትናዮ ድማ ኣብ ዘይካኣል ዝማስል ብቀሊል ዘይግመት ፈተና ካብ ውሽጥን ወጻእን እዩ ኣጋጢሙና፡ ብሳላ ትዕግስትን፡ ጽሮትን፡ ኣባላትን ወፋያት ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ለበዋን ምድግጋፍን ምትብባዕን ነቲ ዘይስገር ዝማስል ዝነበረ ሕልኽላኻት በዳሂ መድረኽ በቲኽና ናብ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክንራኸብን ብዓቕሚ ማሕበር ግዝያውን ዘላቕን ደገፋት ክንገብር ጸኒሕናን ብቐጻሊ ንገብር ኣሎናን።

ክቡራንን ክቡራትን ደለይቲ ፍትሒ ከምቲ ዓመት ዓመት ብዝተነጸረን ስኑድ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣሳራርሓ ሒዝና ስለ ንኽይድ ዝኾነት ትዕበ ትንኣስ እትዋጻእ ንዋት ወይ ገንዘብ ናብ ተረዳእቲ ምብጽሑን ዘይምብጽሑን ብዘታኣማምን ሰነዳት ብመራኸቢ ብዙሃን ናብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ለገስቲ ህዝብናን ፈተውትናን ኣባላትን ብጹሑፍን ብተንቃሳቓሲ ቪድዮን ደረቕ ስእልን ብመራኸቢ ብዙሃን ክንዝርጎሖ ጸኒሕናን ብቐጻሊ ንዝርግሖ ኣሎናን።

ግልጽነት ምትእምማን ይፈጥር ምትእምማን ድማ ምዕባለ የምጽእ ከምዝበሃል፥ ካብ 2004 መወዳእታ ታተ ኢልና ክንጅምር ከለና ብግልጽነት ስለ ዝጀመርና ኣብ ውሽጥና

ዓቢ ምትእምማን ማስረትና፡ መንገዲ ምዕባለ ንምጥማት ብሩህ መጻኢ ሓቢሩና፥ ብኽምዚ ድማ ካብ ዜሮ ዝጀመረ ቅኑዕ ዓላማ ናብዚ ህዝባዊ ደረጃ ክንበጽሕ ስለ ዝኸኣልና ብኡ ደረጃ ድማ እቲ

ረዲኤት ካብ ረዲኤት ሓሊፉ ናብ ምዕባለ፡ ክሳጋገር በቒዑ ማለት፥ ኮንተይነር ናይ ሕክምና ዓራውትን፡ ኮንተይነር ዝተፋላለየ ንስደተኛታት ዝጠቅምኣቑሑት ካብ ጀርመን ኣጽዒና፥ ናብ ጽሩይ ማይ ምብርካትን፡ ማእታዊ ቤት ትምህርቲ፡ ምህናጽን ዝተፋላለየ ዓይነት ሕክምና ማለት፥ ከም ብዓል ስታር ፎር ስታር ዝኣምሰሉ ገበርቲ ሰናይ ሰብ ሞያ ኮይና ዝተፋላለየ ሕክምና ናይ ስኒ፡ ናይ ዓይኒ፡ ቀሊል መጥባሕቲ፡ ናይ ማህጸን፡ ሕማም ሽኮርያ ንዝሓመሙ መዐቀኒ መሽናት፡ ምስ ናይ ዓመት (Test strips) ምርኩስን፡ ዊልቸርን፡ ክዳውንትን፡ ጫማን፡ ናይ ስፖርት ዕጥቅን፡ ቢሮን፡ ጥራውዝትን፡ ውሽጢስረን፥ ሓጺበን ዝጥቀማሉ ሞደስ ካብ ኣብ ኒውዮርክ ዝርከባ ኣሓተን ADE CARE ዝተወፈየን፥ ናይ ጽርየት ከምሰመናን፡ ኦሞን፡ ኮምኡውን ነተን ዝተወደባ ማሕበራት ናእሽቱ ንግድታት ንመካይዲ ዝኾነን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ወዘተ ተረፈ----- ክንገብር ጸኒሕናን ብቐጻሊ ንገብር ኣሎናን ኢና።

ሕጂ ውን ከምቲ ልሙድ ዓመትዊ ማሕበራዊ ዕማማት ንምስልሳል ባጀት ስለ ዘድሊ ናይ 2020 መድባት ሰሪዕና ንዕኡ ዝኸውን ባጀት ካብ ህዝብናን፥ ፈተውትናን ንምእካብ ብኸምዚ ዝስዕብ ብመጽናዕቲ ከነዳልዎ ከለና፡ ብመጀመርታ ኣብ ህዝብና ብምትእምማንን ምምርኳስን ክኸውን ከሎ፥ ማለት፥ ኩሉ ደላይ ፍትሒ እየ ዝብል ብተግባርን፡ ብሓላፍነትን ውራየይ ኢሉ ንህዝቡ ኣለናካ ክብል ክበቅዕ ክኸውን ከሎ፥ ጎኒ ጎኒ ድማ ካብ ኩሉ መንግስታውን፥ ዘይመንግስታውን፥ ድርጅታትን ብሰብኣዊ ርሕራሐን ብሕልናን ንዝተወጸዐ ህዝቢ ዓለም ብዘይ ኣፋላላይ ዓልየትን፥ ሃይማኖትን፥ ሕብሪ ቆርበትን፥ ከይተሓለሉ ንዝልግሱ ውልቀሰባትን ከይተረፈ ብስም ውጹዕ ህዝብና ሓገዛት ክንሓትት ጸኒሕናን ኣሎናን፡ ብስትራተጂ ናይ ነዊሕ ዓላማ ሚረምኤ ግና ናብቲ ቀንዲ ብዓል ውራይ ዝኾነ ደላይ ፍትሒ ሰፊሕ ህዝብና ጥራይን ጥራይን ም኿ኑ በዚ ኣጋጣሚ ክንስምዑሉ ንደሊ።

ነዚ ክሳብ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ኣወንታዊ ምዕባለ ክንበጽሖ ካብ ዘብቅዑ ወስንቲ ረቛሒታት ድማ እዘም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይካኣል። ናይ ሜራኽቢ ብዙሃን ፓልቶክ ስሞር ሩምቁጽሪ 1፡ ራድዮ ኣሰና፡ ረድዮ ወጋሕታ፡ ረድዮ ማስትያት ቤትና፡ ረድዮ ድምጺ ኤርትራ ካናዳ፡ ነጻ ረድዮ ኤርትራ ስቱትጋርትን ከባቢኣን፡ ወዘተ ---- ክኾኑ ከለዉ ከም (ARRA) (UNHCR) ውን ካብ ዕሸል ምጅማርና ክሳብ ዕለተ ሎሚ ብዘይ ምቁራጽ ኩሉ ሽነኻዊ ምትሕብባር ማለት፥ ኣብ ጸጥታን መንዓዝያን ዓቢ እጃምስለ ዘበርከቱልና ነቲ ዓመተዊ መደብ ሚረምኤ ክዕወትን ብኡ ደረጃ ድማ ቶሞኩሮና ከነማዕብልን ምስ ህዝብና ተራኺብና ዝያዳ ክንላዘብን ኣስተምሁሮ ክንልግስን ክንማዛርን ክንምህርን ስለ ዘግበሩና ከይሰሚርናሉ ክንሓልፍ ኣይንሞርጽን።

**ፕሮጀክት ናይዘን ዓድታት ምስዚ ሓድሽ ኩነታት ንቕድሚት ዝረኤ ኮይኑ ክሳብ ናብ ስግር ዶብ ቤት ትምህርቲ ሜዕበል ከይዶም ዝማዛሩ ሚረምኤ ንኽገብረሎም ዝጸንሔን ዘሎን ናይ ዓይኒ ሕክምናን፡ ናይ ትምህርቲ ናውትን፡ ዲቪዛን ካልእ ጠቐማጥቕምን ክንሕግዞም ከም መደብ ኣብ 2020 ውን፡ ተታሒዙ ኣሎ።**

ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ (ሚረምኤ) ክትጅምር ከላ ብናይ ስደተኛታት መዕቆቢ ከም ዝጀመረት ሕቡር ኮይኑ፥ ክሳብ ሕጂ ካብ ዘሳላሰለቶም ዓበይቲ ዕማማት ካብ ብብዙሑ ብውሕዱ ንኹሉ ደላይ ፍትሒ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንኣባላትን ፈተውትን ደገፍትን ብጸብጻብ ሜልክዕ ብጽሑፍን፡ ስእልን ቭድዮን ዓመት ዓመት ኣድልያ ትዝርግሕ እያ። ።

ሚረምኤ ወይ ERDA ከምግብረሰናይ ማሕበር ማጠን ብዘይገለ ኣፋላላይ ማለት፣ ካብዓልየት፡ ዉግን፣ ሃይማኖ፣ ፖለቲካዊ ዝምባሌ፣ ኣዉራጃ ናጻ ኮይና፣ ንኹሉ ስደተኛ ኤርትራዊ ብነጻ ከተገልግል ዝተማስረተት ማሕበር እያ።

ብኡ ማሰረት ድማ ካብቲ ረዲኤት ዝዓብን ዝዓዝዝን ነቲ ስደተኛ ብከመይ ሽግሩ ይፈትሕን ብሓባር ንስደት ይገጥሞ ትርጉም ስደትን ምረቱን ምኽንያት ማስደዲኡን ብዕምቆት ክፈልጥ ብርክት ዝበለ ሰፊሕ ሰሚናር ብምክያድ ንድሑር ማሰረት ዘይብሉ ፍልልያት ክስዓር ብዓቕምና ከነካይድ ጸኒሕናን ብቐጻሊ ነካይድ ኣለናን።

ዋላ ጠርሽና ስዒርናዮ እንተ ዘይበልና ብዝምድናዊ ኣዛራርባ ግና ከም ስደተኛታት ብማሕበራት ተጠርኒፎምን ዘጋጥምይዕበ ይንኣስ ዘይምርድዳእ ተላዚቦምክፈትሕዎ ባዕሎምብዝሚጽዎምወከልቲ ክማሓደሩ ስለ ዝበቕዑ፣ ብሓደ ተሰሊፎምዘለዎምሽግራትን ጠለባቶምን ናብ ምሉእ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ኣሓቶምን ኣሕዋቶምን ለበዋን ሓደራን ከማሓላልፉን ብማሕበር ንዝግበረሎምከማስግኑን ይርከቡኣለዉ።

ክቡራንን ክቡራትን፣ ነዚ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝርከብ ዉጹዕ ህዝብና ንምርዳእ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ከም ዘድሊ ዘታሓታትት ኣይማስለናን፡ ስለዚ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እዞም ስደተኛታት ብዘጋጥሞም ጸጋማት ማለት፣ በብዘራኸቦም ሕማማት፣ ይኹን ስንክልና ዕብየት ይኹን ጸታ፣ በብማሕበሮምተወዲቦምሽግራቶምንምፍታሕ ፈጠንጠን ስለ ዝብሉ ሚረምኤ ወይ (ERDA) ኣብ ርእሲ እቲ ዝዋሃቦም ረዲኤት ንማሕበሮም ዝኸውን ናይ ነብስኻ ምኽኣል (Self reliance) ዝብል ነኣሽቱ ንግድታት ስለ ዝውንኑ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንሓያለ ዓመታት ብዓቕሚ ማሕበር ክንገብረሎም ጸኒሕናን ብቐጻሊ ንገብረሎም ኣሎናን። ውጺኢቱ ካብ ምሉእ ጎደል ምስ ኩሉ ዘጋጥሞም ወድዓውን ብዓል ቤታውን ጸገማት ሚኪቶም ብዙሓት ማሕበራት ኣወንታዊ ምዕባለ ከምዘርኣያ ሚረምኤ ትካታተልን ጸኒሓን ኣላን።

ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ!! (ሚረምኤ) ካብ ዓመት ናብ ዓመት በቲ ሰናይ ጭርሖኣ ማለት ካብ ህዝቢ፣ ብህዝቢ፣ ናብ ህዝቢ፣ ዝብል ኣብ ኣባላት ጥራይ ከይተወሰነት ናብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ብህዝቦምን ብሃገሮምን ዝግደሱ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ሃገራውያንን፡ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ ወጻእተኛታትን ብምውፋር ብዝምድናዊ ኣዛራርባ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝሓሸ ማእቶት ስለ ዝተረኸበት ብኡ ደረጃ ድማኣብ ክልተ ናይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ካምፕ፡ ማለት፡ ማይ ዓይንን፡ ዓዲ ሓርሽ፣ ጥራይ ተደሪትና ስለ ዝጸናሕና ኣብ 2019 ግና ኣርባዕቲኡ ካምፕታት ፡ ማለት፣ ኣብ ማይ ዓይንን፡ ዓዲ ሓርሽን፡ ኣብ ሕጻጽን፡ ሽመልባን፡ ዝርከቡ ስደተኛታት ብማዕረ ናይቲ ረዲኤት ተጠቀምቲ ክኾኑ ከለዉኣብ ክንን ውን ንተመሃሮን ወለድን ተመሳሳሊ ረዲኤት ክንገብር በቒዕና ኢና።

ዕዉትን ብጣዕሚ ሓያልን ናይ 2019 ስራሕ ናብ ኩሉ ዝምልከቶ ብጸብጻብ መልክዕ ብዝርዝር ሰዲድናዮ ስለ ዘሎና ብሰለስተ ቛንቛታት፣ ማለት ብትግርኛ ብዓረብ ብእንግሊዝ ተተርጉሙና ብ ህዝቢ ብቐረባ ክዝርጋሕ እዩ፡ ከምኡ ውን ናይ 2019 ዕዉት ህዝባዊ ኣገልግሎት ብቪድዮ ተዳልዩ ኣብ you tube ክዝርጋሕ ምኳኑ ንኹሉ ንሚርምኤ ናብዚ ደርጃ ንኽትበጽሕ ግዲኦም ዝገበሩን ብቐጻሊ ዝገብሩ ዘለዉን ከነበስሮምንፈቱ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ናይ ስደተኛታት መዕቆቢ ማይ ዓይንን፡ ዓዲ ሓርሽን፡ ዝተገልጸ ናይ ዝተፋላለየ ሕማማትን ጸገማትን፡ ኣብ ሕጻጽን ሽሜልባን እንተ ኾነ ውን ምስቲ ሜሪር ምቐት ተሓዊስዎ ካብኡ ዝገደደ እንተ ዘይኮይኑ ስለ ዘይሓይሽ ከምቲ ብዝምድናዊ ኣዘራርባ ብዓቕሚ ሚሪምኤ ክግበር ዝጸንሐን ዝቕጽል ዘሎን፡ ዓቢ ተስፋ ዝህብ ኮይኑ፡ ኣብ 2020 ብዝሓሸን ዝሰፍሐን ምልክዕ ማለት፡ ዝተፋላለየ በብዓቕሞም ሞያ ዝማህረሉ ዕድል ክንፈጥረሎም ከም መደብ ተታሒዙ ስለ ዘሎ፡ ብሰናይ ድልየትን ሓላፍነትን ዝሜልኦ ልግስኹም ከም ትሚኢኹም ግዴኹምክትዋጽኡ፡ ኣብጌታን ኣባኹምን ብምጅማን ብኸምዚ ሓርፋፍ መጽናዕቲ ማለት ናይ 63,650 000$ ስሳን ሰለስተን ሽሕን ሹዱሽተ ሚኢትን ሓምሳን ዶላር ኣሜሪካ፥ ብሓርፋፍ ዋጋ ከም ዘጀምርና ገምጊምና ኣሎና።

1፡ ነቶምናይ ኣእሞሮ ሕሙማት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ማይ ዓይኒ፥ ዓዲ ሓርሽ፥ ሕጻጽ፡ ሽሜልባን ኣብ ርእሲ እቶም ብድልየት ዘገልግሉ ኣሓትን ኣሕዋትን በብሸሞንተ ሰዓታት እንዳ ተቓያየሩ ዘገልግልዎም ተሓጋገዝቲ ወሱን ደሞዝ እንዳ ተኸፈሉ ኮምኡ ውን ንመዛናግዕን ጽርየትን ኣድላይ መቕለይን ዝኸውን ብሓርፋፍ ናይ 4000$ ኣርባዕተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ ከም ዘድሊ ርኢና።

2፡ ነቶምናይ ሽኮር ሕሙማት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ማይዓይኒ፥ ዓዲሓርሽ፥ ሕጻጽ፥ ሽሜልባን፥ ናይ ደም ምዐቀኒ ማሽናት ማስ ናይ(Test strips) ንዘለዎም ናይ ነብስኻ ምኽኣል (selfreliance) ናኣሽቱ ትካላት መመዕበሊ ዝኾኖም 3200$ ሰለስተ ሽሕን ክልተ ሚእትን ዶላር ኣሜሪካ ብሓርፋፍ የድሊ ።

3፡ ንማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣረጋውያን ማይዓይኒ፡ ዓዲሓርሽ፡ ሕጻጽ፡ ሽሜልባን ንዘለዎምናኣሽቱ መንቃሳቐሲ ትካላቶምን ብዕድመኣጽቢቖምንዝደፍኡን ጥዕና ዝጎደሎምን ፉሉይ ክንክን ዝውዕል፡ ናይ 4500$ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ኣሜሪካ ዶላር ብሓርፋፍ የድሊ።

4፡ ንማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ምስ HIV ዝነብሩ ማይዓይኒ፡ ዓዲሓርሽ፡ ሕጻጽ፡ ሽሜልባን ንነብሶምክኽእሉ ዝማስረትዎ ትካል ንምዕባይን ንምግብን ጽርየትን ዝውዕል ናይ 2950$ ክልተ ሽሕን ትሻዓተ ሚእትን ሓምሳን ዶላር ኣሜሪካ ብሓርፋፍ የድሊ።

5፡ ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ማይዓይኒ፡ ዓዲሓርሽ፡ ሕጻጽ፡ ሽሜልባን ንዘለወን ዓቢ ተስፋ ዝህብ ለውጢካብ ዓመት ናብ ዓመት ጥርናፌኤን ብዓይነት ይኹን ብዓቐን የማስክራ ስለ ዘለዋ፡ ናይ ነብስኻ ምኽኣል ናኣሽቱ ትካላት መመዕበልን ንኣዝየን ኣብ ጸገም ዝወድቓ ኣሓተን መቕለይን ዝኾነን ናይ 5000$ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ ብሓርፋፍ ከምዘድሊ ካብ ናይ 2019 ተሞኩሮና ክንመዝን ኪኢልና።

6፡ ንማሕበር ስደተኛታትታ ኤርትራውያን ኣካለ ስንኩላን ኤርትራውያን ማይዓይኒ፡ ዓዲሓርሽ፡ ሕጻጽ፡ ሽሜልባን፡ ንዝውንንዎ ናይ ነብስኻ ምኽኣል ትካላት መመዕበልን ዝኸውንን ኮምኡ ውን ንኣዝዮምዝተጎድኡ መቕለይን ዝውዕል 3000$

7፡ ማሕበር መንእሰይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ሜይ ዓይኒ፡ ዓዲ ሓርሽ፡ ሕጻጽ፡ ሽሜላባን ኣብ 2019 እቲ ዝዓበየ ፕሮጀክት ምኳኑ ክንበጽሖ ከለና መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ሕማቕ ይወድቕ ምህላዉ ተገንዚብና ስለዚ ኣብ 2020 ዝያዳ ኣትኩሮ ክግበረሉ፡ ማለት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት ክነ ጥፉ ንምግባር መጀመሪ ናይ 5000$ ናይ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ ንናይ ስፖርት ዕጥቅን ነ ቲ ፈደረሽን መመዕበሊ ዝውዕልን የድሊ።

8፡ ንተማሃሮ ክንን ቅኒቶን ኣብ ስግር ዶብ ቤት ትምህርቲ ሜዕበል ዝማሃሩ ንዲቪዛን ናይ ትምህርቲ ናዋትን ናይ ዓይኒ ሕክምናን ካልእ ጠቕማጠቕምን ዝውዕል ብሓርፋፍ ናይ 3000$ ናይ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ የድሊ።

9፡ ክቡራንን ክቡራትን ኣባላትን ፈተውትን ደገፍትን ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ እቲ ካብነ ዊሕ ግዜ ከምመደብ ብሓሳብ ተታሒዙ ዝጸንሐ ብሰንኪ ሕጽረት ባጀት ክንጅምሮ ዘይካኣልና ወሳኒ ናይ ምዕባለ ማስርሕ፡ ማለት፥ ነዘምኣብ መዓስከር ብዘይገለ ስራሕን ሞያን ኮፍ ኢሎም ኣብዘይተደላይ ጌጋታት ዝወድቁ ዘለዉ መናእሰይና ካብ ክልቲኡ ጾታ እነሆ መዓልቱ ኣኺሉ ናይ ዕንጨይቲ ጽርበት (Carpenter) ናይ ሓጻውንቲ ምስላሓምን (Welding) ካልእ ኢደጥበብን ኣብ 4 ናይ ስደተኛታት ካምፕ ንምምሃር 4 ዓበይቲ ጀነሬተራትን፡ ምስ መትከሊኤንን መጀመሪ ዝኸውን ሞራለን፡ ሓጺንን፡ ሳልዳትርቻን፡ መጽርቢ ጣውላን ማጠነኛ መሻናትን ዝውዕል ናይ 30,000$ ሰላሳ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ ብሓርፋፍ ከምዘድሊ ርኢና።

10፡ ሃንደበት ንዘጋጥም ህጹጽ ዘይተጸበናዮ ወጻእን ማሕለውታን ወዘተ 4000$ ኣርባዕተ ሽሕ ዶላር ከምዘድሊ ርኢና።

በዚ ኣጋጣሚንማላእ ህዝብና ክንሕብሮ እንደሊ ምስ ዝህሉ ካብ 2018 ዶብ ተኸፊቱ ካብ ዝብሃል ህዝብና ሃገሩ ራሕሪሑ ብተራእዩ ዘይፈልጥ ብዝሒ ይስደድ ምሕላዉ ካብ ዘስከፈና ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ መብዛሕትኦም መንእሰያትን ትሕቲ ዕድመን ስለ ዝኾኑ ንሚረምኤ ሓደ ካብቲ ዓቢ ሽቓሎት እዩ። ስለ ዝኾነ ድማነ ቲ ብዓል ውራይ ሰፊሕ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ኣብዚ መዳይ ዝላዓለ ግዲኡ ክዋጻእ ደጊምና ደጋጊምና ኣብየ ት!! ኣብየ ት!! ንብል ።

ዝኸበርክንን፡ ዝኸበርከሙ፡ ሃገራውያን ፡ኤርትራውያን፡ ብሓፈሻ፤ ብፍላይ ድማ ነቶም ዕድመልክዕ ከይተሓለሉ ንፍትሕን ደሞክራስን ሰብእዊ ማሰልን ንምዕዋት ክቃለሱ ዝጸንሑን ብቐጻሊ ዝቃለሱ ዘለዉን ደለይቲ ፍትሒ፥ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ንምቅላል ብማሕበር ህዝቢ ዝኾነ ት፥ ማሕበርኩም፡ ማሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ ንዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኣካሉ ኮይንኩም ግዴኹም ክትዋጽኡ ዝጸናሕኩምን ብቐጻሊ ትራባረቡ ዘለኹም፡ ሕጂ ውን ከምትማሊኹምክሳብ ስደትና ኣብቂዑ ራህዋና ዝራጋገጽ ዝላዓለ ግዴኹምብሓሳብ፥ ብምኽሪ፥ ብጉልበት፥ ብማተርያል፥ ብገንዘብ ዕዙዝ ተሳትፎኹምኽን ወሳንን!! ወሳንን!! ስለ ዝኾነ ብሽሙይን ብሽም ማላእ ኣካየድቲ ማሕበርን፡ ኣባላትን፥ ፈታውን፥ ብዓብዩ ድማብሽምእቶምኣብ ሮምጣዘ ተደርብዮምየን ዘለዉ/ዋ ተረዳእቲ ስደተኛታት ኣዴታትኩምን፡ ኣቦታትኩምን፡ ኣሓትን ኣሕዋትን፥ ደቅናን፥ ኤርትራውያን ሽም ኮይነ ብትሕትና ይላቦን፥ ይጽውዕን የማሕጽንን።

<u>ኣብ ኤውሮጳ ናይ ሚሪምኤ ባንክ ሕሳብ</u>

Association e.V. Postfach

76011 Karlsruhe Deutschland

Bank Sparkasse Karlsruhe Ettlingen

IBAN DE08 6605 0101 0108 1032 37

<u>ኣብ ሰምዋን ኣሜሪካን ካናዳን</u>

ERDA USA

Bank of Amerika

Account number # 138126271630

Routing # 125000024

ERDA Ethiopia KASANCHI BRANCH

BANK COMERCIAL BANK

ACCOUNT NUMBER. 1000050777794

ADDISS ABABA

ERDA Swedin

Plus giro konto

SE83 9500 0099 60260 1148287

ብሟእ ኣካየድትን ቦርድእባላትን ዝተጸንዔ ፕሮጀክት 2020 !!!

ሟሕበር ረዲኤትን ምዕባለን ኤርትራ!!!

ካሕሳይ እሕደጎ !!!

ፕሮጀክት ኦፊሰር፡